# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

## ዳዊት እቲ ጓሳ



ጸሓፊ ፡- Edward Hughes

ገላጺ ፡- Lazarus, Alastair Paterson


ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጋሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቕዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ነዊሕ ይገብር ሳኦል ኣብ እስራኤል ንጉስ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፡ ዳዊት ዝስሙ ሸውዓተ ኣሕዋቱ ዝነበርዎ መጓሰ ኣቡኡ ዝሕሉ ቆልዓ ነበረ፡ ዳዊት እቲ ዝነኣሰ እኳ ኣንተነበረ፡ ንኣምላኽ ዜፍቅርን ዝኣምንን ሓያልን ተባዕን ወዲ እዩ ነይሩ፡ ኣብ ከተማ ቤት - ልሄም ድማ ይነበር ነበረ።



ኣንበሳ ንመጓሰኡ ኼጥቅዐን ከሎ ሓንቲ ዕየት መንዚዑ ክወስድ ከሎ፡ እቲ መንእሰይ ዝነበረ ዳዊት ነቲ ኣንበሳ ኣጥቂዑ፡ ነቲ ኣራዊት ብጭሕሙ ሒዙ ወቒዑ ብምቕታል ነታ ዝተመዝዐት ዕየት ካብ ኣፉ ይምንጥሎ ነበረ፡ ዳዊት ነዚ ክገብር ኣምላኽ ከም ዝሓገዞ ይፈልጥ ነበረ።



እቲ ነብዪ ኣምላኽ ዝነበረ ሳሙኤል ንጉስ ሳኦል ኣብ ኣምላኽ እምነት ስለ ዘጉደለ ጉህዩ ነበረ። ኣምላኽ ድማ ንሳሙኤል "ክሳዕ መኣዝ ኢኻ ንሳኦል እትሓዝነሉ" ኢሉ ገሰጾ። "ናብ እሴይ ክልእኽካ እየ ሓደ ካብ ደቁ ድማ ንጉስ ኣዳልየ ኣለኹ" በሎ፡ እሴይ ኣቦ ዳዊት እዩ ነይሩ ። ሳሙኤል ንጉስ ሳኦል ካልእ ንጉስ ብምድላዩ ኪቕትሎ ኸም ዚኽእል ይፈልጥ እኳ እንተ ነበረ እቲ ነብዪ ንኣምላኽ ተኣዘዞ።





ሳሙኤል ምስ መጸ እሴይ ሸውዓተ ኻብ ደቁ ኣብ ቅድሚ ሳሙኤል ኣሕለፎ። ሳሙኤል ከኣ ንእሴይ "ኣምላኽ ካብዚኦም ኣይሓረየን" በሎ። እቲ ዝነኣሰ ዳዊት ጥራይ እዩ ሓዲግዎ፡ ንሱ ምስተን ኣባጊዕ ይጓሲ ነይሩ፡ ንዳዊት ድማ ካብ መጓሳ ጸውዕዎ፡ እግዚኣብሔር ድማ ንሳሙኤል "ተንስእ ቕብኣዮ፣ እዚ እዩ" ኢሉ መለሰሉ።




ኣብ ቤተ መንግስቲ ሳኦል መንፈስ
እግዚኣብሄር ካብ ሳኦል ስለ ዝረሓቐ
ሳኦል ኣዝዩ ይጭነቕ ነበረ። እቶም
ኣገልገልቱ ድማ ጥዑም ሙዚቃ
ንሳኦል ኬህድኦ ኸም ዚኽእል
ሓሰቡ። ሓደ ኻባታቶም ድማ
ጥዑም ሙዚቃ ዚጻወት
መንእሰይ ይፈልጥ ነበረ።
እዚ መንእሰይ እዚ መን
ምዃኑ ኽትግምት
ትኽእልዶ ?
እወ ዳዊት እዩ ።


እቲ ዝጸወቶ ዝነበረ ሙዚቃ ንሳኦል የህድኦን፡ ብ ትክክል ክሓስብን ይገብሮ ነበረ፡ ሳኦል ንእሴይ ዳዊት ኣብ ቤተ መንግስቲ ከገልግል ኪፈቅደሉ ሓተቶ፡ ሳኦል ብጭንቀት ወይ ብፍርሂ ኺሳቐ ኸሎ ድማ ዳዊት በገና ይወቕዖ ነበረ፡ እዚ ንሳኦል ይሕግዞ ነይሩ።



ዳዊት ናብ ቤቱ ኣብ ዝኸደሉ ግዜ ሳኦል ምስ ፍልስጥኤማውያን ዓብዪ ውግእ ገበረ፡ ኣሕዋት ዳዊት ድማ ምስ ሰራዊት ሳኦል ኮይኖም ኣብ ውግእ ነበሩ፡ እሴይ ንዳዊት ንኣሕዋቱ ምግቢ ምእንቲ ኼብጽሓሎም ከመይ ከም ዘለዉ ውን ምእንቲ ኺፈልጥን ናብቲ ዝዋግእሉ ቦታ ሰደዶ ።




ጐልያድ ዚበሃል ገዚፍ ፍልስጥኤማዊ ንዅሎም
እስራኤላውያን ወተሃደራት የፈራርሖም ነበረ።



ጐልያድ ድማ ካብ ማእከልኩም ሓደ ሰብ ምረጹ፡ ምሳይ ክቃለስ ድማ
ልኣኽዎ፥ ተቃሊሱ እንተ ቀተለኒ፡ ንሕና ገላዉኹም ክንከውን ኢና፡ ኣነ
እንተ ቀተልክዎ ግን ንስኻትኩም ባሮትና ትኾኑ፡ ኢሉ
ይጭድር ነበረ፡ ኵሎም ሰብ እስራኤል ነቲ ዓርሞሸሽ ምስ
ረኣይዎ ካብኡ ሃደሙ ኣዝዮም ድማ ፈርሁ።



ዳዊት ድማ ንሳኦል "ብሰንኪ እዚ ሰብኣይ ሓደ ሰብ ልቡ ኣይሸበር፡ ጊልያኻ ምስዚ ፍልስጥኤማዊ እዚ ኺዋጋእ እዩ" በሎ። ሳኦል ንዳዊት ኣጽዋር ኪኽደንን ሰይፊ ውን ሃቦ፡ እንተኾነ ግን ዳዊት ኣብ ክንዳኡስ ወንጭፉን፡ ካብ ሩባ ድማ ሓሙሽተ ልሙጻት ኣእማን ኣልዒሉ ኸደ።





ጐልያድ ነቲ መንእሰይ ዳዊት ምስ ረኣዮ፡ ኣጽዋር ከም ዘይተኸድነ ውን ምስ ኣስተውዓለ ሰሓቐ። "ስጋኻ ንኣዕዋፍ ኣየርን ንኣራዊት መሮርን ክህቦም እየ፡ ኢሉ ድማ ፈከረሉ። ዳዊት ድማ "ብስም እግዚኣብሄር እመጽካ ኣለኹ በሎ፡ እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ኢደይ ኣሕሊፉ ክህበካ ኢዩ፡ እቲ ውግእ ናይ እግዚኣብሄር እዩ፡ በሎ።


ሽዑ ዳዊት ትኽ ኢሉ
ናብ ጎልያድ ጎየየ፡ ብ
ወንጮፉ ድማ ሓንቲ እምኒ
ወሲዱ ናብ ግምባር
ጎልያድ ሰዳዳ፡ ጎልያድ
ውን ተወቒዑ ወደቐ።




ዳዊት ቀልጢፉ ነቲ ገዚፍ ሰይፊ ጐልያድ ኣልዒሉ ርእሱ ቈረጾ።
ፍልስጥኤማውያን ንጐልያድ ሞይቱ ምስ ረኣይዎ ህይወቶም
ንምድሓን ሃደሙ።




ንጉስ ሳኦል እቲ ብበገና ገይሩ ካብ ጭንቀቱ ዘህድኦ ዝነበረ ዳዊት ምዃኑ ኣይዘከረን፡ ንዳዊት ድማ ኣብ ልዕሊ ሰራዊቱ ሸሞ፡ ድሕሪኡ እቶም ህዝቢ ነቲ ዳዊት ዝረኸቦ ዓወት ምስ ኣወደስዎ ሳኦል ኣዝዩ ቀንአ ፡ መንግስቲ እንተ ዘይኰነስ ካልእ እንታይ ተሪፍዎ ኢሉ ውን ሓሰበ፡ ስለዚ ካብታ መዓልቲ እቲኣ ጀሚረ ድማ ኣዒንቲ ሳኦል ኣብ ልዕሊ ንዳዊት ነበራ።





እንደገና ንጉስ ሳኦል ተረበሸ እሞ ዳዊት ምእንቲ ኬህድኦ ሙዚቃ ይጻወተሉ ነበረ፡ ሳኦል ንዳዊት ሰለስተ ሳዕ ኲናቱ ደርበዩ ክቀትሎ ሞከረ፡ ዳዊት ግን ኣምለጠ ። ሳኦል ድማ ንዳዊት ፈርሖ፣ ምኽንያቱ ድማ ሳኦል እግዚኣብሔር ምስ ዳዊት ከምዘሎ ካብኡ ግን ከም ዝረሓቀ ይፈልጥ ነይሩ ኢዩ።



ዮናታን ወዲ ሳኦል ግና ንዳዊት ከም ሓው ገይሩ የፍቅሮ ነበረ፡ ንዳዊት ከኣ "ኣቦይ ሳኦል ኪቐትለካ ይደሊ ኣሎ" ኢሉ ኣጠንቀቐ። ስለዚ ዳዊት ካብ ሰኣል ኣምለጠ፡ ሰበይቲ ዳዊት ውን ኣብ ዓራት ዳዊት ካልእ ምስሊ ብምቕማጥ ፍርቂ ለይቲ ንዳዊት ብመስኰት ሓቢኣ ኣውረደቶ፡ ኣገልገልቲ ሳኦል ንግሆ ምስ መጹ ድማ ንዳዊት ኣይረኸብዎን።



ዳዊት ካብ ሳኦል ኣርሒቑ ኺሃድም ነበሮ። ቅድሚኡ ግን ንሱን ዮናታንን ወትሩ ከም ዝተሓጋገዙ ኪዳን ተኣታተው። እቶም ክልተ ኣዕሩኽ እንዳሓዘኑ ተፈላለዩ፡ ዳዊት ድማ ወተሃደራት ሳኦል ክረኽብዎ ኣብዘይክእሉ ብዘይ ፍርሒ ሳኣል ዚነብረሉ ቦታ ክደሊ ተበገሰ።



# ዳዊት እቲ ጓሳ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

1 ሳሙኤል 16-20

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16